


# መህናጽ ሃገር

## 3ይ ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ 2ይ ክፋል ፡ ንዕቃበ መንነትን ፡ ሓባራዊ ተሳትፎን ፡ ሃገራዊ ሓበን ፡ ስናእምሮኣዊ ኣቋውማን ነብሰምትእምማንን ኣመልኪትና ፡ ግሩም ዝኸነ ዘተ ኣካይድና ነይርና ፡ መኽንያቱ ፡ እንኽዶ ዘሎና ጉዕዞ ነታ ንፈትዋ ሃገርና ኤርትራ ምህናጽ ዝዓለመ ስለዝኾነ ፡

ሃገር ክትሃንጽ ካብቶም ቀንዲ ረቛሒታት ዘድልዩ ሰላም እዩ ፡መኽንያቱ ህዝቢ ረጊኡ ንኽሰርሕ ሰላም ተብሃጊ ስለዝኾነ ፡ ሰላም ዘሎዎ ሃገር ፡ ንምዕባለን ስራሕን ምቹእ ስለዝኾነ ፡ ኮይኑ ግን ኣብዛ ከም ምስአ ቆውዒ ናብዝን ናብትን ትንኖ ዘላ እዛ ምጭውቲ ዓለምና ፡ እቲ ሰላም ብኸመይ ክዕቀብ ይኽእል ? ኣብዛ ጨካናት ዝበዝሑዋ ፡ ሓያላት ኢና ኢሎም ኣፍልቦም ነፊሖም ጭዋዳታቶም ገቲሮም መሬት ኣይትጸርና እናበሉ ዘንጥጡላ ፡ ምስ እዞም ከም ኣንጭዋ ዕመር ፡ ገዛ-ላዕሊ ገዛ-ታሕቲ እናበሉ ሰበብ ክኣልሙ ዘይርብርቡ ፤ ምስእዞም ብነብሶም ክሓድሩ ዓቕሚ ይኹን ትዕድልቲ ዘይትዓደሎም ትሑታት ፍጥረት ፡ ከም ብዓል ጃንዳ ወያነ ፡ ንጸሊም ኣፍሪቃ ዘዋርዱ ፍጥረት ፡ ኣብ ከምዚ መድረኽ በጺሓቶ ዘላ ዓለምና እቲ ሰላም ዝብሃል ፡ ከም ገጸበረከት ብዘገጸ ናይ ህያብ ወረቐት ተጠቕሊሉ ክመጸካ ኢልካ ምሕሳብ እምብኣር ፡ ወይ ነብስኻውን ኣይትፈልጣን ኢኻ ፡ ወይክኣ ካብ ክውንነት ምርሓቕ እዩ ነገሩ ፡

ኤርትራውን ኣብዛ እንጠቕሳ ዘለና ዓለም ስለ እትርከብ ፡ ከምተን ካልኦት ሃገራት ሃገረን ኣውሒሰን ዝምዕብላን ንቕድሚት ዝምርሻን ዘሎዋ ሃገራት ፡ ከምኣን ክትከውን ስለዘሎዋ እቲ ውሕስነት ዝብሃል ብዝመሰላ ኣገባብ ክተተግብሮ መሰላውን'ዩ ፡

መኽንያቱ ፡ እቲ ንሰላም ዝረጋገጽ መንገዲ ፡ ብናይ ገዛእ ርእሳ ዓቕሚ ምስዝኸውን እቲ ውሕስነት ዝበሃል ንይምሰል ዘይኮነ ፡ ናይብሓቂ እዩ ዝረጋገጽ ፡ ህዝቢ ኤርትራ እምብኣር ፡ ረብሪበ ከይበለ ንሓደ ዘመን መመላእታ ፡ ንመንነቱ ክዕቅብ ብዘለዎ ዓቕሚ ደኺመን ረብሪበን ከይበለ ፡ ምስ ሕብሮም ዝተፈላለዩ ባዕዳውያን ገዛእቲ ፡ ብዝሓምን ግጅፎምን ከየገደሶ ፡ ስለ ሪሙ ተቓሊሱን ፡ ቅልሱ ጌና ንልዑላውነቱ ንምውሓስ ኣብግብግብ ይርከብ ፡ ስለዝተቃለሰ ፡ ብሓርኮትኮቱ ንኣዳም ገረሞ ፡ ጎደና ምዕባለ ሒዙ ይምርሽ ኣሎ ፡ መኽንያቱ ናይብሓቂ ከምቲ ዝተባህለ ፡ ሽነት ስለዝኸነ ፡ እናኣልምዐ ንመሬቱ ስለ ዝከላኸል ፡ ንኣባይ ስለዘሳጉግ ፡ ኮይኑ ክኣ ንሰላምን ጸጥታን ከተንግስ ፡ ዓቕሚ ናይ ምክልኻል ብቕዓት ክህልወካ ናይግድን ስለዝኾነ ፡ መኽንያቱ ውራይና ንቀንጠብጠብ ዘይኮነ ፡ ውራይ ምህናጽ ሃገር እዩ ፡

ንመረዳእታ ፡ እዚ መራት ጃንዳ ወያነ ፡ ቅንኢ ዝወለዶ ሰበብ ኣንቂሉ ኣብዝሓለፈ ወራር ፈንዩልና ከብቅዕ ፡ ከምቲ ዝነበረ ሕልሙ ፡ ኣስመራ ፤ ዓሰብ ወይ ባጽዕ እንተዝሕዘን ፡ ስለ ኣቡነ ኣረጋዊ ኢልናዮ ድዩ ክሰምዕ ? ወይ ማሕበረሰብ ዓለም ዓገብ ትብድል ኣሎኻሞ መሬትካ ኣይኮነን ንዓውጽእ ክብልኦ ? ወይ ካልኦት ዝሕግዛና መንግስታት ነይረንዶ ክንብል ንኽእል ፡ እቲ መልሱ ብኣንጻሩ እዩ ፡ ናይ ምክልኻል ብቕዓት ዓቕሚ ስለዘጥሬና ንወያነን ጎይቶቱን ክንስዕሮም በቒዕና ፡ ህላውነትካ ከተረጋግጽ እትኽእል ሓይሊ ምስ ዝህልወካ ጥራይ እዩ ፡ ናይ ምክልኻል ብቕዓት ሓይልኻ ዝድርዕ ፡ ሓይሊ ቁጠባኻ ምስዝዓቢ ፡ ሓይሊ ናይ ባህልኻ ምስዝምዕብል ፡ ህልውናኻ ዝያዳ ውሑስ ይገብሮ ፡ መኽንያቱ ፡

*ሓይሊ ቁጠባ ፡ ማለት ሓደ ወሳኒ ሓይሊሞቶር ፡ ናይ ሓንቲ ሃገር ክበሃል ይክኣል ፡ ሓይሊ ቁጠባ ፡ ኣብዝኾነ ናይ ሓንቲ ሃገር ፡ ንምምዕባል ፣ ንምክልኻል ፣ ንሓለዋ ጥዕና ፣ ንትምህርቲ ፣ ንሕርሻ ፣ ኢንዱስትሪ ወዘተ... ፡ ዘሎዉዋ ብድሆታት ፡ ብዘይ ሓይሊ ቁጠባ ክትፈትሖ ከምዘይትኽእል ፡ ብዙሕ ገለጻ ዘድልዮ ኣይኮነን ፡ ቁጠባዊ ጽግዕተኛ ናይ ካልእ ሃገር ሙኳን ሳዕቤኑ ፡ ናይ ፖለቲካ ናጽነት የብልካን ፡ ኣጀንዳኻ ምስ ባህልን ልምድን ሃገርካ ዘይሰማማዕ ክትከይድ ትቕሰብ ፡ ብዘይ ሓይሊ ቁጠባ ምንባርካ ትርጉም የብሉን ፡ ስለዚ ናይዚ ሕመረት ኣብ ነብሰ ሙርኮሳ ፡ ወይውን ነብስኻ ምኽኣል ፡ (* ***ጭርሖ ህ.ግ. ፡ ነብስኻ ምክኣል ዝእምነትና ፡ መፍትሒ ሽግር ናይ ህዝብና !*** *) በዚ ስነሓሳብ ዝተመርሐ ህዝቢ ፡ ውጽኢቱ ከምተሞኩሮ ኣብነታዊ ህ.ግ. ፡ ኣብግብሪ ተርጊሙዎ ፡ ስለዚ ሓንቲ ሃገር ነዚ ናይ ሓይሊ ቁጠባ ብድሆ ንምግጣም ንጹር ሃገራዊ ሕንጻጽን መደባትን ኣሳታፊን ውፉይ መርሒነትን የድልየ ፡*

*ኤርትራ ሃገርና እምብኣር ናይ ብሓቂ ዕድለኛ እያ ፡ መኽንያቱ ፡ ካብ ጥንትን ወለዶታትን እናተወራረሰ ዝመጸ ፍቕሪ ሃገርን ጅግንነትን ፡ ኣብ ሰውራ ዓምቢቡ ዝፈረ ንቕሓትን ተወፋይነትን ዝኣመሰሉ ክብርታት ዘውንን ህዝቢ ስለዘሎዋ ፡ ካብዚ ኣብራኽ ምዑት ህዝቢ'ዚ ዝወጸ ሓይሊ ስራሕን ምክልኻልን መርሒነትን ፡ እተን ንጽቡቕና ዘይደልየ ኣጸቢቐን ስለዝፈለጣ እምብኣርየን ፡ ልዕሊ ጉጭ ትሕቲ ጉጭ እናበላ ንድቃስ ክኸልኣና ድቃስ ስኢነን ዝሓድራ ዘሎዋ ፡ ኮይኑ ግን እተን ቀደም ንፈልጠን ንሰን ስለዝኾና ዝሓይሽ እንተኾይኑስ እንሂለ ፈረስ እንሂለ ጎልጎል ፡ መኽንያቱ*

***እታብቕሊ በቲኻ ቀይዳ ! እንተበተኽቶ ንርእሳ ገደዳ !** እዩ ነገሩ ፡*

***ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ሰማዕታትና !***

***ዓወት ንሓፋሽ !!!***

*መድሃኔ ተስፋኣለም*